ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣራሚት
ሽምግለ

حزب النهضة الإرتري
اللجنة التصحيحية

Eritrean Nahda Party
Corrective Committee

## ኣቦ-ወንበር ፈጻሚት ሽማግለ ግዚያዊት መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝመርሖ ናይ ስራሕ ውደት ንምክያድ ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም።



ኣቦ-ወንበር ፈጻሚት ሽማግለ ግዚያዊት መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓው ኣንዋር ኢብራሂም ዝመርሖ ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ናይ ስራሕ ውደት ከካይዱ ብቀዳም ዕለት 08 ሚያዝያ 2017 ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም።

ዕላማ ናይዚ ውደት፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ መጨረሽታ ዓመት 2016 ዝተኻየደ ዋዕላ ነዕሩኽትን ኣሓት ተቃወምቲ ውድባትን ቤርጌሳውያን ማሕበራትን መብርሂ ንምሃብ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ እቲ ብተበግሶ ሽማግለ ሪያድ ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ናይ ዕርቂ ንምዕዋቱ ብወገን ኣራሚት ሽማግለ ዘድሊ ምትሕብባር እኳ እንተተገብረ፡ ብኣንጻሩ እቲ ካልኣይ ሸነኽ ንኹሉ ፈተነታት ከም ዝተሓሰመን እቲ መስርሕ ኣበይ በጺሑ ከም ዘሎን ንምግላጽ እዩ።

ኣብቲ ውደት፡ ሓላፊ ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ሓው ሓሰን ኽሊፋን ካሎኣት ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ዝተሳተፍዎ ኮይኑ፡ ነቲ ብጨንፈር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ዝዳለው ዘሎ መበል 68 ዓመት ዝኽሪ መስዋእቲ ኣቦ-ስውኣት ክካፈሉ ምኻኖም ተፈሊጡ ኣሎ።

**ውድቀት ንሰርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዜናን ምንቅቓሕን

09-04-2017